## ርእሰ ዓንቀጽ፥

# መሪር ወጽዓ ተባዕ ቃልሲ ይወልድ!

ሽቃሎ ዓለም ብመንግስታቶምን ብኣሰራሕቶምን ዝወርዶም ዘስካሕክሕ ምዝመዛ ብምቅዋም ንዘበናት ሓያል ሰላማዊ ተጋድሎ ከምዘካየዱን ከቢድ መስዋእቲ ከምዝኸፈሉን ኣብ መዛግብ ታሪኽም ዝሰፈረ እዩ። ግንቦት ሓደ(መይደ-ደይ) ድማ፡ ንቓልሲ ሽቃሎ ዓለም ብሓፈሻ፡ ናይ ሂወት መስዋእቲ፣ ግፍዓዊ ማእሰርትን ከርተትን ንዘጋጠሞም ተቓለስቲ ሽቃሎ ከኣ ብፍላይ ንምዝካርን፡ ዘይተማልኡ ረብሓታት ሽቃሎ ብምግምጋም ንሓባራዊ ቃልስን ዓወትን ቃል ኪዳኖም ዘሐድሱላ ክብርቲ ዕለት እያ። ንዘልኣለም ከቢራን ደሚቓን ክትነብር ዘለዋ ዕለት ድማ እያ።

ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይ'ቲ ብቑጽሩ ውሑድ ዝኾነ ሽቃላይ(ሰራሕተኛ) ሃገርና ተጋድሎ ከኣ ብፍላይ ኣዝዩ መሪርን ከቢድ ዋጋ ዝበልዐን ምዃኑ ታሪኽ ነጻነታዊ ተጋድሎና ገንጺልካ ንምርድኡ ኣየጸግምን። ትጽቢት ሽቃላይ ሃገርና፡ ከም ኩሎም ውጹዓት ህዝብታትና ደርባዊ ረብሓታቱ ከይተሸራረፉ ደረጃ ብደረጃ እናተማልኡሉ ክኸይድ ዘብቅዖ፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል እዩ ዝነበረ።

እዞም ረብሓታት 'ዚኣቶም፡ ምስ ምሕራር ኤርትራ፡ ቀስ ብቐስ፡ ናይ ስራሕ ውሕስነት ምርካብ፡ እኹል ናይ ዕረፍቲ እዋን ምኽባር፡ ናይ ኣገልግሎትን ጉድኣት ካሕሳን ምሕላው፡ ከም መባእታዊ ረብሓታት ርእዩ ዝተቓለሰሎምን ዝተሰውኣሎምን ዕላማታት እዮም። ካብኡ ንላዕሊ ከኣ፡ ኣብ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ኩነታት ሃገሩ ሙሉእ ተሳትፎ ክህልዎ ብምዕላም ነበረ። እንተኾነ ግን ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሮም እዞም መባእታውን መሰረታውን ረብሓታት ሽቃሎ ሃገርና ከም ሕሱም ክህረሙ ተራእዮም።

ሽቃሎ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምምሕዳር ኢሳይያስ፡ ካብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘሕልፉዎ ዝነበረ ሂወት ብመልክዑ ዝተፈለየ፡ ብትሕዝቶኡ ከኣ ዝመረረ ኮይኑ ምህላዉ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ሽቃላይ ሃገርና፡ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ናይ ስራሕ ውሕስነት ዝበሃል ፈጺሙ የብሉን። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንሽቃላይ ብዘይ እኹል ናይ ኣገልግሎት ካሕሳ ክጽልጽሎ ዓገብ ዝብሎ ሕጊ የልቦን። ናብ ቤት-ፍርዲ ቀሪቡ መሰሉ ከኽብር ዘይሕሰብ እዩ። ብኣንጻሩ ከም ሕነ-ሕነ፡ ብሓይሊ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ስርሑ እናተወጠጠ፡ ስድራ-ቤቱ ናይ ናብራ ውሕስነት ከይረኸቡ ብገደብ ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ድፋዓት ክበሊ፡ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ጉልበቱ ከም ጊላ ክኽድም ዝግደደሉ ኩነታት ተስፋሕፊሑ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ዝተፈላለዩ ሰበባት እናፈጠረ፡ ዓቕሚ ሰብ ሃብቲ ሃገርና ብምድቓቕ፡ ከሲሮም ዛንዛን ክብሉን፡ ሽቃሎ ከኣ ንስራሕ ኣልቦነት ክቃልዑ እናገበረ ዝመጸ እዩ። ከምኡ'ውን ምስፍሕፋሕ ሓድሽ ኢንቨስትመንት ብምዕጻው፡ ኣብ ሃገርና ተስፋሕፊሑ ዘሎ ስራሕ ኣልቦነት ናይ ምቕናስ ዕድላት ሾጊሩዎ ኣሎ። እኳ ደኣስ ነተን ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተወርሳ ዝተፈላለያ፡ ማእከሎትን ናእሽቱን ፋብሪካታት፡ እኹል ቀረብ ስኢነን በብእዋኑ እናኸሰራ፡ ኣብአን ዝሸቅሉ ሰራሕተኛታት፡ ካብ ስራሕ እናተገለፉ ናብ ከርተት ዝኣትዉሉ፡ ወይ ከኣ ነዚ ምስ ምዕጻው ፋብሪካታት ዝኸሰት ስራሕ ኣልቦነት ንምኽዋል፡ ኣብ'ቲ ብሽም ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝተዓለወ ፕሮጀክት፡ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ክጽመድ ብምግባር፡ ካዝና ህግደፍ ዝመልኣሉ ስልትታት እዩ ክኽተል ጸኒሑን ዘሎን።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከም ኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ፡ ንሽቃላይ ሃገርና ዛንዛን ኣቢሉ ዝደቖሰ ጨካን ስርዓት እዩ። ሽቃላይ ሃገርና ኣብ ህልውና ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ይትረፍ ረብሓታቱ ክማልኡሉ፡ ናይ ሂወት ውሕስነት ረኺቡ ክነብር ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት ምንባር ክቕጽል እዩ።

መባእታዊ ይኹኑ ዘላቒ ረብሓታት ሽቃላይ ሃገርና፡ ጎኒ- ጎኒ ምምላእ ረብሓታት ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ሓቢሩ ዝማላእ ምዃኑ እምነት ውድብና እዩ። ካብ'ዚ መሰረታዊ እምነቱ ተበጊሱ ዝሓንጸጾም ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ንምዕዋት ኣብ ምቅላስ ይርከብ። ስለዝኾነ'ውን ሽቃሎ ሃገርና፡ ነዚ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝወርዶም ዘሎ መዘና ኣልቦ ሕሱም ውጽዓ ንምውጋድ፡ ቅኑዓት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ መስመራት ተሓንጊጦም ክቃለሱ ይግባእ። መሪር ወጽዓ ተባዕ ቃልሲ ምውላዱ ግድን ስለዝኾነ፡ ሽቃሎ ሃገርና'ውን ነዚ ኣብ ልዕሊኦም ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ዘስካሕክሕ ጭቆና ንምውጋድ ከምቲ ሕሉፍ ብተባዕ ቃልሲ ክገጥሙዎን ክስዕሩዎን ግድን እዩ።